መግለጺ መሪር ሐዘን

ብዕረፍቲ ብጻይ እሽማዒል ኣሐመዲን

  

ብጻይ እሽማዒል እንታይ ተረኺበ
ኣነን ኣብ ፈስቲቫል ካሰል ክንራኸብ እጽበ
ኣይተጸበኹን መርድእካ ክሰምዕ ሐመድ ድበ..
ወደቦይ ኣሕመዲን ኣብ ዕላምኡ ጹኑዕ
እሽማዒል ሳሆታይ ሐዞ ዕባይ ባጽዕ
ክይተሐለለ ተቃሊሱ ምእንቲ ውጹዕ..
ወየ ዓደቦና እቲ ልሙድ
ኣነ ወየ ክብል እቲ ሐደ ክሰግድ
ቁርኣን ኣል ፋቲሐ እቲ ንቡር
ናብ ረቢ ኣምላኽ ክንዝምር
ታሪኽ እንበር ሰብ ማዓስ ይነብር..
ወደቦይ ኣሕመዲን ነቒልካዶ
ፍቃድ ረቢ ኮይኑ ባዕሉ ዝፈርዶ
ጎያይት እግርኻ ዓሪፋ ኮይኑ ጋዶ
ንሐርበኛታት ብጾትካ ሲዒብካዮም ዶ..
ጭርሖ ነብሲ ሄር እሽማዒል ኣሕመዲን
ከም ኣቦሐጎታቱ ኤረትራ ንኤረትራዊያን
እንቢ ንመግዛእቲ ጥልያን ንኢትዮጵያዊያን
እወ ንሐርነት ኣይግዛእን ንህግደፋዊያን..
ኤረትራዊ ወደባት ከባቢ ሰንዓፈ
ኣጆኹም እንዳ በለ እንዳ ደገፈ
ተቃላሳይ እሽማዒል ሐሊፉ ከየዕረፈ..

*ወዲ እባ ሶይራ ሳሆታይ ሐዛ*
*ከም ኣቦሐጎታቱ ተባዕ መንከሕዞ*
*ወዲ ኣሕመዲን ከንኪ ህዝቢ ዝቑንዞ*
*ብሰማያዊት ኣውሊዕ ባንዴራና ንገንዞ..*

*ኣብ ናሕሲ ደይብኩም ንገሩ መርድእ*
*ሐርበኛ ዝተቃለሰ ንመግዛእቲ ከጥፍእ*
*ዓዱ ከይረኣየ ክምከት ንህግደፍ ኣዛብእ..*
*ካብቶም ፈደል ዝቖጸሪ ሙሁር*
*ናይ ህዝቢ ሽግር ብትብዓት ዝነግር*
*መቃልስቲ ክፍለየካ ኣየወ ክመርር*
*መርድእ ሐርበኛ ወየ ንመን  ክነግር..*
*ሐርበኛ እሸማዒል*
*ካብ ኑሩንበርግ ንካሰል ዝዘልል*
*ናይ ማሕበር መንእሰይ ነርካ ድልድል*
*ኣብ ኩሉ ዝረኤ ክንዲ ህዝቢ ኡይ ክብል..*
*ኣብ ሃገር ጀርመን ምስ መቃልስቱ*
*ካብቶም ማሕበር መንእሰይ ዝመስረቱ*
*ተሐበኑ ንወደቦይ ኣሕመዲን ፍረ ናቱ*
*ኣቦኹም ፍትውዩ ብመቃልስቱ*
*ንጻላእቱ ዕረ መዓር ንፈተውቱ..*
*ንወደቦይ ኣሕመዲን ጽኑዕ ኣብ መትከሉ*
*ሐርበኛ እሸማዒል ዘይዓጸፈ ቃሉ*
*ኣብ ዓደቡኡ ሐዞ ከድኩም ኣእዊይሉ..*
*ከማኻ ኩሉ ዓዱ እንተ ዝፈቱ*
*ሙሁራት ከማኻ እንተ ዝምከቱ*
*መንእሰያት ኣብ ባሕሪ መዓስ ምመቱ*
*ሐርበኛ እሸማዒል ጎዲሉና ንመቃልቱ..*
*ወደቦይ ኣሕመዲን ካብ ተበገስካ*
*ቅሰን  ክንቅጽሎ ኢና ቃልስካ*
*እንዳ በልና ብጾትካ ክነፋንወካ..*
*ናይ ሐዘንኩም ተኻፈልቲ ሐቢርና*
*ንስድራ ቤት ጽንዓት ንደቂ ሐርበኛ*

*ንእሽማዒል ኣሕመዲን ንብጻይና ጀና..*
*ብሽም ደለይቲ ፍትሒ ደንበ ተቓውሞ*
*ገጣሚ በርሀ ዑቑባዝጊ ሃገር ጀርመን*